ኮሌጅ ፖሊ ቴክኒክ መቐለ ኣብ በጀት ዓመት 2011ዓ/ም ካብ መንግስቲን ብዝተፈቀደሉ በጀት ንሆቴል ማኔጅመንት ንምግቢ ምድላው ዘድልዩ ዝተፈላለዩ ኣቑሑ ብብርኪ ክልል ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ንሓደ ዓመት ውዕሊ ክኣስር ይደሊ ስለዚ፤

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ረቡዕ ጥቅምቲ 14, 2011 (ልዕሊ 8 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥቅምቲ 24, 2011 3:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:3000.00
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:30
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥቅምቲ 24, 2011 3:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኣቅርቦት ምግቢ /

1 ናይ ዘመኑ ዝተሓደሰ ሕጋዊ ንግዲ ፍቃድ በቲ ዘፈር ዘለኩም

2 ናይ ግብሪ ከፋላይነት መለለይ ሰርቲፊኬት /TIN/ ክተቕርቡ ትኽእሉ፣

3 ተወሳኺ እሴት ታክስ (ቫት) ዝተመዝገብኩምን ናይ ወርሒ ነሓሰ 2010ዓ/ም ዲክላሬሽን ክተቕርቡ ትኽእሉን፤

4 ናይ መቅረባይነት ምስክር ወረቀት /ሰርቲፊኬት ዘለኩምን

5 2% ዊዝ ሆልዲንግ ታክስ ክትኸፍሉ ትኽእሉ፤ ኣብቲ ጨረታ ክተሳተፉ ትኽእሉ ምኺንኩም እናገልፀነና

6 ነዚ ግልፂ ጨረታ ተባሂሉ ዝተዳለወ ናይ ጨረታ ሰነድ ዘይምለስ ብር 30.00 (ሰላሳ ብር) ብምኽፋል ካብ ኮሌጅ ፖሊ ቴክኒክ መቐለ (መሰረተ ካምፓስ) ከ/ስ/ዕ/ፋ/ን/ምም/ር ቢሮ ቁፅሪ 08 ካብ 05/02/2011 ዓ/ም ጀሚሩ - ዕለት 23/02/2011 ዓ/ም ሰዓት 11:00 ንምውሳድ ኣብ መወዳደሪ ደኩሜንትኹም ኦርጂናልን ኮፒን ብምባል ብሸምዒ ብዝተኣሸገ ፖስታ ነዚ ጨረታ ተባሂሉ ኣብ ዝተዳለወ ሳንዱቅ ምአታው ትኽእሉ፣

7 ተጫረቲ ናይ ጨረታ ውሕስና መኽበሪ ዋጋ ብር 3000.00 (ሰለስተ ሽሕ ቅርሺ) በሲፒኦ ወይ ብጥረ ገንዘብ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ቼክ ከተሓሕዙ እትኽእሉ።

8 እቲ ጨረታ ዕለት 24/02/2011 ዓ/ም ልክዕ ሰዓት 3:00 ተዓፅዩ በቲ ዕለት ንሱ ሰዓት 3:30 ኣብ ኮሌጅ ፖሊ ቴክኒክ መቐለ መሰረተ ካምፓስ ከ/ስ/ዕ/ፋ/ን/ምም/ር ቢሮ ቁፅሪ 08 ተጫረቲ ወይድማ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ይኽፈት። ተወደደርቲ ብዘይ ምርካቦም ጨረታ ምኽፋት ኣይተኣጎልን።

9 ተጫረቲ ክሳብ 30/10/2011 ዓ/ም ውዕሊ ብምእሳር በቢእዋኑ ንብረት ክተቕርቡ ትክእሉ ምኺንኩም

10 ኮሌጅና ዝሓሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምሰራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

11 እቲ ጨረታ ምስተኸፈተ ኮሌጅና ናይቲ ዝግባእ ንብረት መጠን ክሳብ 20% ክቅንስ ወይ ክውስኽ ይኽእል እዩ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

12 ተወዳደርቲ እተቕርበዎ ንበረት ብቴክኒክ /ፅሬት ኮሚቴ ተፈቲሹ ትክክለኛነቱ ምስተረጋገፀ ጥረሕ ኣታዊ ይኽውን።

13 ጨረታ ፀኒዑ ኣብ ዝፀነሓሉ እዋን ውሽጢ ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ኦርጂናል ዶክሜንት ክተቕርቡ እንተኣዚዙ ክተቕርቡ ምኽንኩም ክትፈልጡ ይግባእ ።

ንዝበለፀ ሓበሬታ ብስ.ቁፅሪ 0344-404592 ደዊልኩም ምሕታት ይከኣል።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle